

# ዕብየታዊ ትጽቢታት

*80% ዕብየት ናይ የእሙሮ ኣብተን መጀመርታ ሰለስተ ዓመታት ናይ ህይወት እዩ ዝፍጸም!*

ናይ American Academy of Pediatrics ን ናይ Center for Disease Control and Prevention ነፍስወከፍ ዉሉድ ክሳዕ ዕስራን ኣርባዕተ ወርሒ ዕድሚኡ ክበጽሖም ዘለዎ ምስ ዕድሜ-ርክብ ዘለዎም ሓበርቲ ነጥብታት ኣውጺኦም ኣለዉ።

ዕብየታዊ ነጥበ-ምዕራፋት ክብሃሉ ኸለዉ ነፍስወከፍ ዉሉድ ኣብ ዝተወሰነ ዕድመ ደረጃ ክበጽሕከሎ ክገብሮም ዝኽእሉ ነገራት ማለት እዩ። እዚ ኸኣ ጥንቅቕ ኢልካ ክርኤ ዝግብኦ ነገር እዩ፣ ምኽንያቱ ነፍስወከፍ ዉሉድ ብናቱ/ታ መገዲ እዩ/ያ ዝ/ትዓቢ። ወለዲ ኣብ ዉሉድኩም ዝኾነ ናይ ዕብየት ጸገማት ወይ ምድንጓያት እንተ ርኢኹም ንሓኪም ናይ ዉሉድኩም ብምሕባር ስጉምቲ ክትወስዱ ይግባእ።

## ዉሉድኩም እንታይ ክገብር ይግብኦ?

**ናይ ቋንቋን ምርድዳእን ምዕባለ**

- ሓደ ነገር ወይ ስእሊ ክጽዋዕ ከሎ ናብኡ የመልክት
- ናይ ልሙድ ሰባት፣ ነገራትን ክፍሊ ኣካላትን ኣስማት ይፈልጥ
- ሓያሎ ሓደ ቃላት ይዛረብ
- ቀለልቲ ሓረጋት/ ክልተ-ክሳዕ-ኣርባዕተ ቃላት ዘለዎም ሓጸርቲ ሓሳባት ይጥቀም
- ቀለልቲ መምርሕታት ይስዕብ
- ኣብ ካልእ ዝርርባት ንዝተሰምዑ ቃላት ይደግም

**ማሕበራዊ/ስምዒታዊ ምዕባለ**

- ናይ ካልኦት ጠባይ ይቀድሕ
- ምስ ካልኦት ቀለውዕ ምኳን የሐጉሶ
- እናወሰከ ዝኸይድ ነፍስካ ምኽኣል የርኢ
- ናይ እንቢተኛነት ጠባይ ከርኢ ይጅምር
- ኣብ ምፍልላይ ጭንቀት የርኢ

## 24 ወርሒ ዕድመ

ናይ American Academy of Pediatrics ንኹሎም ኣብዞም ዝስዕቡ ዕድመ ዘለዉ ኹሉ ናይ ዕብየትን ጠባያዊ ምርመራ ንኽግበረሎም ይመክር፤

- ❖ 9 ወርሒ
- ❖ 18 ወርሒ
- ❖ 24 ወይ 30 ወርሒ

**ዕብየት ንምልካዕ ዘገልግሉ ናውቲ ፤**

- Ages and Stages Questionnaire (ASQ-3)
- Parents' Evaluation of Developmental Status (PEDS)
- Parents' Evaluation of Developmental Status-Developmental Milestones (PEDS-DM)
- Brigance Screens



**ሓገዝቲ ዝብሃሉ ኣፓት፤**

GET IT ON Google Play

Download on the App Store

CDC's Milestone Tracker

Daily Vroom

BabySparks

Office of Elementary Education
Buffalo Public Schools

እዚ ሓበሬታ ካብ American Academy of Pediatrics ዝመጸን ኣብ https://www.aap.org Centers for Disease Control and Prevention ን ኣብ https://www.cdc.gov/ ን ዝርከብን ካብ ናይቲ ዲስትሪክት ናይ My Brother's Keeper Initiative ብዝተረክበ ገንዘባዊ ሓገዝ ዝንቀሳቀስ እዩ።

**ህዋሳዊ ምዕባለ (ምህሮ፣ ምሕሳብ፣ ጸገማት ናይ ምፍታሕ ክእለታት)**

- ንነገራት ወላ ምስ ተሓብኡ ይረኽቦም
- ነገራት ብቅርጺን ብሕብሪን ክመሚ ይጅምር
- ከም ካልእ ኣምሲልካ ጸወታታት ክጻወት ይጅምር
- ኣብ ልሙድ መዛሙራትን መጻሕፍትን ንዘለዉ ሙሉእ ሓዘባትን ናይ ግጥሚ ቃላትን ተረፍ ቃላት ይምልእ
- 4 ወይ ካብኡ ንላዕሊ ብሎካት ተጠቂሙ ግምቢ ይሃንጽ
- ክልተ-ደረጃ ዘለዎም መምርሒታት ይስዕብ (ነታ ኩዕሾ ኣልዒልካ ኣብ ዘንቢል ኣእቱ)
- ኣብ ስእልታት ወይ መጻሕፍቲ ዝርኣዩ ልሙድ ነገራት ይሰሚ (ድሙ፣ ከልብ፣ ጸሓይ)

**ኣካልዊ ምዕባለ (ጠቕላላ ምትንታት)**

- በይኑ ይስጉም
- እናሰጎመት ክትከይድ ከላ ባንቡላ ብድሕሪት ትጎትት
- እናሰጎመት ከላ ዓቢ ባንቡላ ወይ ብዙሓት ባንቡላታት ትስከም
- ምጉያይ ትጅምር
- ብኣጻብዕ እግራ ደው ትብል
- ኩዑሶ ይቀልዕ
- ኩዕሶ ናብ ላዕሊ ይድርቢ
- ናብን ካብ ናውቲ ገዛ ብዘይ ሓገዝ ይደይብ ይወርድን
- መደገፊ ሒዙ ኣስካላ ይድይብን ይወርድን

**ናይ ዉሱን ክፍልታት ጨዋዳታት ምዕባለ**

- ብናጻ ስክሪብል ጽሑፍ ይሕንጥጥ
- ቀጥ ዝበሉ መስመራትን ክብ ቅርጽታት ይስእል ወይ ይቀድሕ
- ነገራት ንምውጻእ ንዘለዉዎ መትሓዚ ንቁልቁል ይደፍእ
- ንሓደ ኢድ ካብታ ሓንቲ ኣዘውቲሩ ይጥቀም

## ንሓኪም ናይ ዉሉደይ ብዛዕባ እንታይ ክዛረበ ይክእል?

ነፍስወከፍ ዉሉድ ብናቱ ወይ ናታ መገዲ እያ ምዕባለ የ/ተርኢ። ዉሉድኩም ንሓደ ዝተወሰነ ክእለት ልክዕ መዓስ ከም ዝ/ትምሃሮ ክትፈልጥ ኣጸጋሚ እዩ። ካብዞም ዝተጠቕሱ ምልክታት ናይ ዕብየታዊ ምድንጓያት ምልክት ውሉድኩም እንተርእዩ ምስ ናይ ዉሉኩም ሓኪም ክትራኸቡ ይግባእ።

- ክሳብ ሻምናይ ወርሑ ክስጉም ኣይኽእልን እዩ
- ምኻድ ድሕሪ ምጅማር ድሕሪ ሓያሎ ኣዋርሕ ናይ ታኮ እግሪ-ኣጻብዕ እግሪ ኣካይዳ መገዲ ከመዕብል ኣይክእልን፣ ወይ በጻብዕ እግሪ ጥራሕ ይስጉም፣ ወይ ጽኑዕ ናይ ኣሰጓጉማ የብሉን
- ክሳብ ሻምናይ ወርሑ እንተ ወሓደ ኣሰርተ ሓሙሽተ ቃላት ኣይዛረብን
- ክልተ-ቃላት ዘለዎም ሓረጋት ኣይጥቀምን
- ንልሙድ ነገራት እንታይ ክገብረሎም ከም ዘለዎ ኣይፈልጥን (ናይ ስኒ ብራሽ መገበሪ፣ ስልኪ፣ ፋርኬታ፣ ማንካ)
- ናይ ካልኦት ተግባራት ወይ ቃላት ኣይቀድሕን
- ቀለልቲ መምርሕታት ኣይስዕብን
- መንኮርኮር ዘለዎ ባንቡላ ክደፍእ ኣይክእልን
- ኣብ ሓደ እዋን ንዝነበሮ ተኽእሎ የጥፍእ

### ዉሉድኩም ንኽምሃርን ክዓብይን ዝሕግዙ ኣዎንታዊ ናይ ቆልዑ ኣተዓባብያ ምኽርታት




ብታተ ንዝኸይድ ዉሉድካ መዓልታዊ ኣንብበሉ።

ዉሉድካ ንልሙድ ነገራት ከለሊ፣ ንክፍሊ ኣካላትን እንስሳታትን ክሰሚ ምሃሮ።

ዉሉድካ ንቅርጽታት፣ ሕብርታት ወይ ናይ ሕርሻ እንስሳታት ተጠቂሙ ፓዝላት ኣብ ዝገብረሉ እዋን ሓግዞ

ዉሉድካ ብሎካት ተጠቂሙ ንኽጻወት ኣተባብዓዮ። ግንቢታት ኣብ ምህናጽን ብድሕሪኡ ኸኣ ኣብ ምፍራሶምን ተራ ተወሃሃቡ።

ንዉሉድካ ማዕጾ ኣብ ምኽፋትን ከረዴንሳ ኣብ ምትሓትን ንክሕግዘካ ሕተቶ፣ ንገጻት ናይ መጻሕፍቲ ንኽግንጽሉ ፍቐደሎም።

ምስ ታተ ትብል ዉሉድካ ብምዝራብን ነቲ ንሳ ዝጀመረቶም ቃላትብምምላእ ንዘለዋ ናይ ቋንቋ ክእለት ኣብ ምምዕባል ሓግዝ። ንኣብነት፣ ብታተ ዝኸይድ ዉሉድካ "ባባ" እንተ ኢላ፣ "እወ፣ ልክዕ ኣለኺ - ንሱ *ጥርሙዝ* እዩ" ብምባል ክትምልስ ትኽእል።

ዉሉድካ ንዘርእዮ እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ ናይ ነፍስኻ ምኽኣል መስርሕ፣ ባዕሉ ንክኽደንን ንኽበልዕን እና ገበርካ ኣተባብዕ።

ከም መኻነ እንስሳታት (ዙ) ወይ ሙዚየም ዝኣመሰሉ ኮማዊ ቦታታት ምስኡ እናኸድካ እቲ ታተ ዝብል ዉሉድካ ልሙድ ነገራት ኣብ ምልላይ ንዘለዎ ድልየትን ተኽእሎን ኣተባብዕ።

ንዉሉድካ ናብ ፓርክ ወሲድካ ንኽጎዩን ንኽሓኽሩን ፍቐደሎም።

ምስ ዉሉድካ ኾይንካ ኩዑሶ እናተመላለስኩም ቅልዑ።

ክራዮን፣ ቀለምን ወረቀትን ተጠቂምኩም ምስ ዉሉድካ ናይ ስእላዊ ፕሮጀክታት ግበሩ።

እዚ ሓበሬታ ካብ American Academy of Pediatrics ዝመጸን ኣብ https://www.aap.org Centers for Disease Control and Prevention ን ኣብ https://www.cdc.gov/ ን ዝርከብን ካብ ናይቲ ዲስትሪክት ናይ My Brother's Keeper Initiative ብዝተረክበ ገንዘባዊ ሓገዝ ዝንቀሳቀስ እዩ።

MY BROTHER'S KEEPER
MBK

እዚ ሓበሬታ ካብ American Academy of Pediatrics ዝሞጸን ኣብ https://www.aap.org Centers for Disease Control and Prevention ን ኣብ https://www.cdc.gov/ ን ዝርከብን ካብ ናይቲ ዲስትሪክት ናይ My Brother’s Keeper Initiative ብዝተረክበ ገንዘባዊ ሓገዝ ዝንቀሳቀስ እዩ።